KANTON AARGAU

hallo — aargau.ch

# ክፍለጥ ዝግብኦ ሐበሬታ

ሰዓታት ምኽፋት / ስራሕን በዓላትን
ዓይነት መንበሪ ፍቓድ
ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት
ኣልኮል / ትምባኾ / ሓሽሽ
እንስሳ ዘቤት
ምእማት/ ናይ ሕጊ ልምድታት

# ሰዓታት ምኽፋት / ስራሕን በዓላትን

**ኣብ ስዊስ መብዛሕትኡ ድኳናት ሰንበት ይዕጸዉ። ከይተዕጽዉ ዝውዕሉ ኣብ መደበር ባቡራት ዝርከቡ ድኳናት ኣዮም። ሕጋዊ ናይ ዕረፍቲ መዓልቲታት ኣብ ካንቶን ዝሕገጉ እዮም።**

## በዓላት

ህዝባዊ በዓላት ብሕጊ ልክዕ ከም ሰንበት ይኽበሩ። ሓደ ነሃሰ (ሃገራዊ በዓል) ኣብ ምሉእ ስዊስ ብሕጊ ህዝባዊ በዓል ኢዩ። ብተወሳኺ ነብሲ ወከፍ ካንቶን ሾመንተ ካልኦት ህዝባዊ በዓላት ይውስኑ። ኣብ ካንቶን ኣርጋው ህዝባዊ በዓላት ብወረዳ ደረጃ ይውሰኑ። ኣብ ነብሲ ወከፍ ወረዳ ትሽዓተ ብወግዒ ዝፍለጡ ህዝባዊ በዓላት ኣለዉ። ሓሙሽተ ካብዚኦም ኣብ ምሉእ ካንቶን ኣርጋው ይበዓሉ። እዞም ኣብ ምሉእ ካንቶን ኣርጋው ዝበዓሉ ህዝባዊ በዓላት: ሓድሽ ዓመት( 1. ጥሪ): ዓርቢ ስቕለት( ቅድሚ በዓል ትንሳኤ ዘላ ዓርቢ): ዕርገት( ሓሙስ 40 መዓልቲ ድሕሪ ሰንበተ ትንሳኤ): ሃገራዊ መዓልቲ ናጽነት( ሓደ ነሃሰ):በዓል ልደት( 25. ታሕሳስ) እዮም።

## ሰዓታት ምኽፋት / ስራሕ ድኳናት

ሰዓታት ምኽፋት/ስራሕ ድኳናት: ካብ ካንቶን ናብ ካንቶን ይፈላለ። ኣብ ካንቶን ኣርጋው ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓታት የሎን። ከም ስነ-ሓሳብ ነብሲ ወከፍ ድኳን ካብ ሰኑይ ክሳብ ቀዳም እንተ ደልዩ ስራሕ ክኸፍት ወይ ክዓጹ ድላዩ ክገብር ይኽእል። ቀዳም መብዛሕትኦም ድኳናት ካብተን ካልኦት መዓልታት ኣቐዲመን ይዓጽዋ። ኣብ መደበር ባቡራት ዘለዋ ድኳናት ግን ኩሉ ግዜ 7 መዓልቲ ኣብ ሰሙን ክፉታት ኮይነን: ኣንጊሀን ይኸፍታ: ደንጊየን ከኣ ይዓጽዋ።

## ሰዓታት ምኽፋት / ስራሕ ህዝባዊ ምምሕዳር

ናይ ካንቶን ምምሕዳር ከም ሕጊ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ: ካብ ሰዓት 8.00 ክሳብ ሰዓት 12.00 ን ካብ ሰዓት 14.00 ክሳብ ሰዓት 17.00 ን ይኽፈት። ገለ ትካልት ኣቐዲመን ሰዓት 13.30 ይኸፍታ: ወይ ብተሌፎን ንነዊሕ ግዜ ይርከባ። ሰዓታት ምኽፋት ናይ ምምሕዳር ከባቢታት ኣዝዮም ዝተፈላለዩ እዮም። ብዝያዳ ኣብ ንኣሽቱ ምምሕዳር ከባቢታት ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣዝዮም ዝተወሰኑ ኢዮም። ስለዚ ቅድሚ ናብ ቤት ጽሕፈር ምምሕዳር ከባቢ ምኻድ ኣብ ኢንተርነት ናይ ምኽፋት ሰዓታት ኣቐዲምካ ምፍላጥ ይምረጽ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

ola-aargau.ch/ti/good-to-know/opening-hours--holidays

# ዓይነት መንበሪ ፍቓድ

ንነዊሕ እዋን ኣብ ስዊስ ንምንባርን ንምስራሕን: ሓደ ናይ መንግስቲ ፍቓድ ይድሊ።እዚ ፍቓድ በብዓነቱ ግዝያዊ ፍቓድ ወይ ነባሪ ፍቓድ ተባሂሉ ይፈላለ።

## ናይ ፍቓድ ዓይነታት

ዝኾነ ሰብ ኣብ ስዊስ ዝሰርሕ ወይ ልዕሊ 3 ወርሒ ዝቕመጥ: ሓደ መንበሪ/ናይ ስራሕ ፍቓድ የድልዮ። እዚ ካብ ናይ ካንቶን ናይ ስደታኛታትን ምውህሃድን በዓል ስልጣን (Amt für Migration und Integration) ይወሃብ። እዚ ናይ ሓጺር ግዜ መንበሪ ፍቓድ( 1 ዓመት) ወይ ግዚያዊ መንበሪ ፍቓድ ( ንዝተወሰነ ግዜ) ወይ ከኣ ነባሪ/ቀዋሚ (ዘይተወሰነ ግዜ) ፍቓድ ክኸውን ይኽእል።

- ናይ ሓጺር ግዜ መንበሪ ፍቓድ (L):እዚ ፍቓድዚ ንሓጺር ዝተወሰነ ግዜ ( መብዛሕትኡ 1 ዓመት) ንሓደ ፍሉይ መደብ ኣብ ስዊስ ዝጸንሑ ዝወሃብ ኢዩ። መብዛሕትኦም ዜጋታት EU-/EFTA-ሃገራት: ብስራሕ ምኽንያት ንሰልስተ ክሳብ ሓደ ዓመት ( ናይ ስራሕ ውዕል) ዘቕርቡ ዝወሃብ ፍቓድ ኢዩ።
- ግዝያዊ ፍቓድ (B): እዚ ፍቓድዚ ንዝተውሰነ ግን ነዊሕ ግዜ ዝወሃብ ፍቓድ ኢዩ። መብዛሕትኦም ዜጋታት EU/EFTA- ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ክጸንሑ ከምዝኾኑ እንተኣረጋጊጾምን: (ናይ ስራሕ ውዕል) እንተኣቕሪቦም : እዚ ዓይነት ፍቓድ ክወሃቡ መሰል ኣለዎም። እዚ ዓይነት ፍቓድ: ንዜጋታት EU/EFTA- ንሓሙሽተ ዓመት ይወብ። ንካልኦት ግን ንሓደ ዓመት ጥራይ ይወሃብ። ድሕሪዚ ግን መናውሒ ግዜ ፍቓድ ይሕተት።እዚ ናይ ምንዋሕ ሕቶ ቅድመ-ኩነት ዘማልአ ክኸውን ኣለዎ ንኣብነት:
- ናይ ጀርመን ቛንቋ ትምህርታ ስልጠና ንምብጻሕ።ነዚ ንምንዋሕ ረቛሒታት ስለዘየልኡ ኣይፍቀምን እዩ። ናይ መንበሪ ፍቓድ ንከይንዋሕ ዝዕንቅፉ ምኽንያታት: ዕዳ ወይ መቕጻዕቲ ገበን ምስዝህልወካ ወይ ካብ ማሕበራዊ ሓገዝ ተጠቃማይ እንተኮንካ። ብወግዒ ተፈጥነት ዘለዎም ስደተኛታት B መንበሪ ፍቓድ ይወሃቦም።
- ናይ ስዊዝ መንበሪ ወረቐት/መዕረፊ (መስፈሪ)ፍቓድ ሲ(C) Niederlassungsbewilligung C (Ausweis C)፡ እዚ ፍቓድ እዚ ኣብ ስዊዘርላንድ ን 5 ወይ 10 ዓመት ድሕሪ ምጽናሕ (ምንባር) እዩ ዝወሃብ። ኣብዚ እውን ን ካብ ሃገራት ኤውሮጳ/ኤፍታ ( EU/EFTA) ን ካብ ሳልሳይ ዓለም ዝመጹ ሰባት ዝተፈላለየ ቅድመ ኩነት ይሕተት እዩ።
- ንግዚያዊ ተቐባልነት ዝምልከት መንበሪ ፍቓድ(F): እዚ መንበሪ ፍቓድ ዝወሃቦም ሓተትቲ ዕቕባ ስደተኛታት: ከም ስደተኛታት ብወግዒ ተፈላጥነት ዘይረኸቡ ኮይኖም: ንግዚኡ ክሳብ ኩነታት ከምቲ ዝጠልብዎ ዝኸውን ዕቕባ ዝወሃቡ እዩ። እዚ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ነብሲ ወከፍ ዓመት ክሕደስ ኣለዎ።

## ናይ ወጻእተኛታት መለለዪ መንነት

ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ወጻእተኛታት ናይ ወጻእተኛ ካርድ መንነት ይቕበሉ(ይወሃቦም)። ዓይነት መንነት ካርድ ኣብ ዝተፈላለየ መለክዒታት እዩ ዝምርኮስ። ናይ ክረዲት ካርድ ዝመስል መንነት ካርድታትን ናይ ወረቐት መንነት ካርድታትን(ባዮሜትርያዊ ዘይኮነ ናይ ወጻኢ መንነት ካርድ)ኣለዉ (Nicht biometrischer Ausländerausweis)። ገሊኦም ሰባት ባዮሜትርያዊ መንነት ወጻእተኛ ካርድ ይቕበሉ(ይወስዱ) እዮም። እዚ መንነት ካርድ ናይ ሓበሬታ ቺፕ(Datenchip)፡ ኣሰር ኣጻብዕቲን ከምኡውን ስእሊ(ምስሊ)ኣለዎ። ሓደ መለለዪ ወረቐት ይወሃቡ። ዜጋታት ካልኦት ሃገራት ናይ L,B ወይ C መንበሪ ፍቓድ ዘለዎምን ተፈላጥነትን ተቀባልነትን ዝረኸቡ ስደተኛታት: ሓደ ናይ ባዮሜትሪ ወረቐት ይወሃቡ። ስለዚ ነዚ ንምትግባር ባዕላቶም ምስ ማእከል ሰራሒ ባዮሜትሪ ወረቐት መንነት (Erfassungszentrum Biometrie) ቆጸራ ይገብሩ። ኩሉ ናይ መንነት ወረቐት ፍቓድ ካብ መንበሪ ምምሕዳር ከባቢ ክወሃብ/ክውሰድ ይከኣል። እዚ ናይ መንነት ወረቐት ምስዝጠፍእ ወይ ምስዝስረቕ: ብቁልጡፍ ናብ ፖሊስ ምሕባር የድሊ።

## ምንዋሕ ፍቓድ

ከክም ዓይነት ናይ መንበሪ ፍቓድን ናይ ስዊስ መንነትን: እቲ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ግዜ ገደብ መናውሒ ፍቓድ ይግበር። ምንዋሕ ፍቓድ ግዜ ኣብ ዝድለየሉ ግዜ (Verfallsanzeige). ነቲ ሰብ ሓደ ቅጥዒ ይለኣኾ። እዚ ቅጥዒ ተመሊኡ ምስ ዘይወደቐ ናይ መገሺ ፍቓድ ብምትሕሓዝ: ክልተ ሰሙን ቅድሚ ምውዳቕ እቲ ናይ ቀደም መንበሪ ፍቓድ ናብ ምምሕዳር ከባቢ ክለኣኽ ኣለዎ። እቲ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ነቲ ጠለብ ምንዋሕ ናብ በዓል ስልጣን ስደተኛታትን ምውህሃድን ናይቲ ካንቶን (Amt für Migration und Integration) ይልእኮ። ኣብዚ ከኣ እቶም ንምንዋሕ ዘድልዩ ረቓሒታት ከም ዝተማልኡ ድሕሪ ምርግጋጽ ነቲ መስርሕ ምንዋሕ ይፍጽሞ። ሕቶታትን ዘይበርሁ ነገራትን ብቀጥታ ንቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ወይ ንቤት ጽሕፈት ስደተኛታን ምውህሃድን ምውካስ ይከእል።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

ola-aargau.ch/ti/good-to-know/residence-permit

# ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት

**ዝኾነ ዕቝሚ ኣዳም ዝበጽሐ ሰብ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት ክገብር ኣለዎ። እዚ ሓደ ሰብ ብዘይምፍላጥ ዕንወት ምስዘስዕብ ንዝመጽእ ክፍሊት ይሽፍን።**

## ሰብኣዊ ተሓታትነት

ሓደ ሰብ ንካልእ ሰብ ምስ ዝጎድእ: ወይ ኣብ ልዕሊ ካልእ ግድኣት ምስዘኸትል: እቲ ካልእ ሰብ ነቲ ጉድኣት ዘውረደሉ ብሕጊ ይሕቶ። ነዚ ዝግበር ክፍሊት ብዙሕ ክከውን ይኽእል። ንኣብነት ሓደ ሰብ ኣብ በረድ ሸተት ክብል ከሎ ንካልእ ሰብ ምስዝጎድእ: ኣማኢት ኣሽሓት ዕዳ ክሕተት ይከኣል።

## ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት

ኣብ ዕንወት ዘስዕብ ሓደጋ ትፍጽመሉ ግዜ ንዘጋጥም ጸገማት : እዚ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት (Privathaftpflichtversicherung) ይድልየካ። ነዚ መብዛሕትኦን ናይ ውልቂ ናይ ድሕነት ትካላት ከም ኣማራጺ ይበርክታ። እዚ እዚ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት ንኩሎም ኣባለት ስድራ ቤት ብሓባር ክእቶ ይከኣል። እዚ ናይ ድሕነት ውዕል ናይ ግድን ኣይኮነን ክትኣትዎ: ግን ኣዝዩ ተመራጺ እዩ።

## ስርሓት ናይ ድሕነት

እዚ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት: ንዘጋጥን ናይ ንብረትን ናይ ሰብን ክሳራ ሓደ ሰብ ኣብ ልዕሊ ካልእ ንዘኸትሎ ይሽፍን። ኣብዚ ናይ መዕረዪ ወጻኢታት: ምሕወዪ ወጻኢታት: ናይ ደሞዝ ክሳራታት: ወይ ናይ ቃንዛ መሕወዪ ወጻኢታት ይጠቓልል። እዚ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት:እንስሳ ዘቤት ዘስዕብዎ ክሳራታት ውን ይሽፍን። ኣብ ውሽጢ ሓደ ገዛ ዘብሩ ዘስዕብዎ ክሳራታት ግን በዚ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት ኣይሽፈንን ኢዩ። ኣብዚ ሰብ ኮነ ኢሉ ንዘስዕቦም ክሳራታት ኣይሽፍንን ኢዩ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

ola-aargau.ch/ti/good-to-know/personal-liability-insurance

# ኣልኮል / ትምባኾ / ሓሽሽ

**ሕሽሽ ምውናን: ዝጥቀም ወይ ዝሸይጥ: መቕጻዕቲ ይመጽኦ። ኣልኮልን ትምባኾን ንምሻጥ ናይ ዕድመ ገደብ ኣሎዎ።**

## ሓሽሽ

ምውናን: ምሻጥ ወይ ምጥቃም ሓሽሽ ዘይሕጋዊ ሕሽሽ ብሕጊ የቕጽዕ ኢዩ። እዚ ብንእሽቶ መጠን ውን እንተኮነ የቕጽዕ ኢዩ። እቲ ንጥረ ነግራት ዘይሕጋዊ እንተኮይኑ: ኣብ ናይ ዘደንዝዙ ነገራት ሕጊ (Betäubungsmittelgesetz) ተሓጊጉ ኣሎ።ብንግዳዊ ደረጃ ዝሸየጥ ሓሽሽ ዓቢ መቕጻዕቲ የኸትል።

## ኣልኮልን ትምባኾን

ኣልኮልን ትምባኾን ንምሻጥ ናይ ዕድመ ገደብ ኣሎዎ። መሸጣ ኣልኮላዊ መስተን ትምባኾን ኣብ ካንቶን ኣርጋው: ንቆልዑትን መንእሰያትን ትሕቲ 16 ዓመት ኣይፍቐድን ኢዩ። ንፍሉያት ኣልኮላዊ መስተታት ከም ደረቓልኮላዊ መስተ እቲ ናይ ዕድመ ገደብ ካብ 18 ዓመት ይኸውን።

## ምኽልካል ምትካኽ ሽጋራ

ምኽልካል ሽጋራ ምትካኽ ኣብ ስዊስ ካብ ካንቶን ናብ ካንቶን ይፈላለ። ኣብ ካንቶን ኣርጋው ነቲ ናይ ሃገራዊ መንግስቲ ሕግታት ምኽልካል ምትካኽ ሽጋራን ንምብካል ብሽጋራ ንካልኦት ሰባትን ዝምልከት ሕጊይጣበቕ። ብዘይካዚ ካልእ ዝስዕብ ሕግታት ኣየተግብርን።
ምኽልካል ምትካኽ ሽጋራ:

- ኣብ ዕጹው: ክፉት ክፍልታት( ሕክምና: ምምሕዳር: ቤት ትምህርቲ: ቤተ መዘክር: ሲኔማ: ትያትር: ባቡርን ኣውቶቡስን:ድኳናትን ናይ ዕዳጋ ማእከላትን)
- ክፍልታት: ብዙሓት ሰባት ዝሰርሕሉ:

ኣብ ቤት ምግቢ ምትካኽ ሽጋራ: ኣብ መጠን ዕብየት ናይቲ ቤት ምግቢ ይፈላለ። ኣብ ብዙሓት ኣብያት መግቢ ናይ ሽጋራ ዝትከኾ ክፍሊ ኣሎ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

ola-aargau.ch/ti/good-to-know/alcohol--tobacco--drugs

KANTON AARGAU

hallo — aargau.ch

# እንስሳ ዘቤት

እንስሳ ዘቤት ዝውንን ሰብ ዝተፈላለዩ ሕግታት ክኽተል ይግባእ። ስለዚ ኣብ ኩሉ መንበሪ ገዛ እንስሳ ዘቤት ክውንኑ ኣይከእልን። ወነንቲ እንስሳ ዘቤት ግብሪ ክኸፍሉን ስልጠና ክወስዱን ይግባእ።

## ምውናን እንስሳ ዘቤት

ኣብ ገዛ ክራይ ዝነብር ሰብ: ንኣሽቱ እንስሳታት ከም ረጋቢት: ዓሳታት: ማንቲለ .. ክሕዝ ይኽእል።ኣብ ናይ ክራይ ውዕል ግን ሓድሓደ ግዜ እኽላባትን ደማሙን ምሓዝ ክኽልከል ይከእል። ኣከራዪ ንድምጺ ዝገብሩን ሓደገኛታትን እንስሳ ክኽልክል ይኽእል። ኣብ ርእሲ ዚ ወነንቲ እንስሳ ዘቤት ናይ እንስሳታት ተጣበቕቲ ሕግታት ክፍጽሙ ይግባእ። ስለዚ ገለ ፍሉያት እንስሳታት ንእብነት ከም ማንቲለ ንበይኖም ክትሓዙ ኣይግባእን። ከምኡ ውን ዝተሓተ ምምላእ ቅድመ-ኩነት ናይ ሰፈር እንስታት ኣቃውማን ግዝፊን ስፍሓትን ኣብ ግምት ይእትዉ። ብዙሓት እንስሳታት: ናይ ደገ እንስሳታት ኣብ ስዊስ ክእትዉ ኣይፍቀድን። ንካልኦት እንስሳታት ዝምልከት ፍሉይ ፍቓድ ካብ ሓኪም እንስሳ የድሊ።

## ከልቢ

ኣብ ካንቶን ኣርጋው ሓደ ፍሉይ ናይ ኣኽላባት ሕጊ ኣሎ። ኣብዚ ሕጊ ብንጹር ናወነንቲ ኣኽላባት ዝምልከት ሕጊ ኣሎ። ዝያዳ ሓበሬታ ናይ ኣኽላባት ሓኪም ክህቡ ይኽእሉ።

- ኩሎም ኣብ ስዊስ ዝርከቡ ኣኽላባት ብሓደ ሚክሮቺፕ ክምዝገቡ ኣለዎም። ሓደ ናይ ሓበሬታ ማዕከን ኣብ ኮሚተር ክምዝገቡ ኣለዎም። ኩሎም ኣኽላባት ናይ ከልቢ መንነት ከም ክረዲት ካርድ ዝመስል (Kreditkartenformat)ይግበረሎም። እዚ ምስ ናይ ገዛ ከልቢ መንነት ሓደ ኣይኮነን። ነዚ ከኣ ንመገሲ ነቲ ከልቢ ናብ ናይ ኤውሮጳ ሃገራት ክትጥቀመሉ ኣይከእልን።
- ኣኽላባት ኣብ ምምሕዳር ከ ክምዝገ ይግባእ። ንነብሲ ፍ ልቢ ኣብ ዓመት ሓ ግ ግብሪ ክኽፈልሉ ይግባእ።
- ኩሎም ን ኣኽባት ሓርኢ ይ ይ ኣኽላቶም ኣልዒሎም ብ ጎሓፍ ከእትውዎ ይግባእ፣ ነ ምስዘይገብሩ ግን መቕጻዕቲ ክመጽኦም ይኽእል።
- ንገለ ዓት ኣኽላት ፍይ መንፍ ቓድ የድልም፣ (ንኣብነት: ፒትቡል ይ ሮትዋይለር )

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

ola-aargau.ch/ti/good-to-know/pets

# ምእማት/ ናይ ሕጊ ልምድታት

ነብሲ ወከፍ ሃገር ናይ ገዛእ ርእሰን መለለዪ ባህሊን ኣባሃህላን ኣለወን። ኣብ ስዊስ ውን ሓደ ሓደ ኣብ ጽሑፍ ዘይሰፈሩ ሰብ ክጥንቀቐሎም ዝግባእ ሕግታት ኣለዉ።

## ዝተፈላለዩ ባህልታት

ስዊስ ዝተሓዋወሰ ባህሊ ዘለዋ ሃገር ኢያ። እዚ ምስተን ኣርባዕተ ቛንቛታት ይተሓሓዝ።ስለዚ እቲ ኣተሓሳስባ ናይቲ ሕብረተሰብ ካብ ቦታ ናብ ብዙሕ እንተተፈላለየ ዘገርም ኣይኮነን። ናይ ተዛረብቲ ጀርመን ባህሊ ንተዛረብቲ ፈረንሳይ ዘይልሙድ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ኣብ መንጎ ከተማታትን ገጠራትን ዘሎ ፍልልይ ብዙሕ ክኸውን ይኽእል። ተመሳሳሊ ባህርያት ክህልዉ ግን ናይ ግድን ኢዩ።

## ሰላምታ

ሰላምታ ንምልውዋጥ ኣብ ስዊስ ሰባት ኢድ ይጨባበጡን ዓይኒ ንዓይኒ ይጠማመቱን: ንደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ሓደ ኢዩ። እቲ ፍሉጥ ምልውዋጥ ሰላምታ ግሩዚ„Grüezi“ (ኣብ ኣዕሩኽን መሓዙትን ከኣ ሃሎ „Hallo“ ወይ ሆይ „Hoi“) ኢዩ። ኣብ ገጠራት ስዊስ ሰባት ኣብ ጎደና ሰላምታ ይለዋወጡ፣ ንዘይትፈልጦ ሰብውን እንተኮነ። ግብረ መልሲ ከም የቐንየለይ „Danke“ን በጃኻ/ብክብረትካን „Bitte“ ኣገደስቲ ኢዮም። ንኣብነት ኣብ ድኳናት: ኣብ ቤት መግቢን ሰባት ደጋጊሞም የቐንየላይ: በጃኻ ኣዘውቲሮም ይብሉ።

## ኣብ ግዜኻ ምርካብ

ኣብቲ ውሩይን ህቡብን ባህሊ ስዊስ ኣብ ግዜኻ ምርካብ ጥራይ ኣይኮነን። ትድንጒ እንተኮንካ ውን ብቴለፎን ክትሕብር ህቡብ ኢዩ። ብፍላይ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ኣብ ግዜኻ ምርካብ ኣዝዩ ልዑል ዋጋ ይወሃቦ። ሓደ ሰብ ከረኽበካ እንተደልዩ: ሰብ ኣቐዲሙ ቆጸራ ይገብር። ብዘይ ገለ ቆጸራ ወይ ምሕባር ምብጻሕ ውን ከም ሕጊ ልሙድ/ቅቡል ኣይኮነን።

## ተዘዋዋሪ ዝርርብ / ምምሕልላፍ ሓበሬታ

ኣብ ስዊስ ሰባት ዘይሰማምዓም ወይ ዘይምችኦም ነገራት ብተዘዋዋሪ ይገልጹ። ብዙሓት ሰባት ክዘራረቡ ከለዉ ምንቃፍ ብቀጥታ ኣየዘውትሩ ወይ ብሕቡእ ቃላት ከዊሎም ይገልጹ። ካብዚ ከኣ ሰባት ነቲ ነቐፌታ ክግንዘብዎን ክእረምሉን ትጽቢት ይገብሩ። እዚ ቀሊል ኣይኮነን ጽቡቕ ጀርመን ዘይትዛረብ እንተኮንካ: ክትርድኦ ውን የጸግም ኢዩ።ኣብዚ ውህደት ክሕሎ ኣለዎ: ኣብ ግጭት ዘለዎ ኩነታት ሓደ ቀጥታዊ ዝርርብ ይርአ። ንኣብነት ሓደ ሰብ እንተረቢሹ : ካብ ጎረቤቱ ደብዳቤ ክመጽኦ ይኽእል። ሰብ እቲ ዝመሓላለፍ ሓበሬት ምስዘይርድኦ ደጋጊሙ ክሓትት ይግባእ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

ola-aargau.ch/ti/good-to-know/what-makes-switzerland-tick